# ወይዘሮ ሓጉሻ

መኀኀስ ቃዲሩ ዘንጊዕኽነኦ ብኹዕ

ሓሳብሎ ኾይንክን ስራሕኽን ዘረስዕ

እምብዛ ተኪዝክን ቀቢፅክን ዘፅናንዕ

ሓጋዚ ስኢንክን ሂወትክን ዘቃንዕ

ደርፍኽን ለዊጥክን ናብ ቁዘማ

ትፅቢትክን ዘቢሉ ተስፋኽን ቅሂማ

እምነትክን ጠፊኡ ኣምሊኽክን ሓሰማ

ፍረ ኣልቦ ኾይኑ ለዊጥክንዶ ዜማ

ከበሮ ደሲቕክን ሰይጣን ክተንግሳ

ንዜሮዶ ትዕቢት ዜሮ ክትኣውርሳ

ኳኹቶ ዘሪእኽን ዘምፅእ ኣበሳ

ነዚ ድዩ ንሕና ንሕና ኢልክን ሓጉሻ

በዚሑክን ነይሩ ብደዐ ምቑንዳይ

ሸሻይክን ዝምንጥል ኮፍ ኣቢልክን ግናይ

ቆፎኽን ነጊፉ ኣእትዩልክን ውሻይ

እንዳተመንዛዕኽን ዕልልል ጥራይ

እማማ ሓጉሻ ማጨሎት የድልየን

ልቢ ንኸዕብያ ክሓስባ ነቒሐን

ኣፅርየን ከድምፃ ይፅረገኦ እዝነን

ብልክዕ ክሪኣ ልክዕ ድዩ ዒይነን

ንቕሓ ዳኣ ማማ ሓጉሻ በለኦ ዘወር በል

መሳትይታ ቡና ኣስኢኑክን ዙ ማሃዘል

ቅርቅርትኽን ሒዙ ባዓል ግስሩጥ ኣመል

ቆለኽን ኣውርዳ ቅንዕ በላ ኣብለኦ ገለል

ፃሕሊ መኀኀኽን ውቃበ ስኢኑ

ጨው ኢሉ መረባ ስድራ ተበቲኑ

ጠባይክን ከፊኡ ዘመድ ተሳኢኑ

ሞያ ከይዓየኽን ዓመታት ባኺኑ
ንኽፉእዶ ይባሃል ተጎንቢስካ ኣሜን

ዓቕሊ ኣይኮነን መረባኻ እንዳዓንደሮ ጋኔን

ኣፉላይን በላ ደረት ግበራሉ ዓቕን

ኡፎየ ከትብላ ልብኽን ከቕስን

ሕጓኽን ረኣያ በዚሑ መገሻ

እግሩ ናብዝመርሖ ንናብራ ኣላሻ

ዋሕዚ ኾይኑ ይውሕጦሎ ጣሻ

ኣብ ባዕልኽን እንተሎ መፍትሒ ሓጉሻ

መልኣኽከን ሓሲሙ ጥዒሞዎ ኣልጋ

ስድራኽን ኣፅኒፉ ኮይኑክን ሓደጋ

ነዚዶ ንኢድክን ርሂፅክን ከሊኡክን ዋጋ

ጠላዕ ገጢሙልክን ብዋጋ ዕዳጋ

ኢድክን ፀይፀይ ኢሉ ብጣቕዒት

ጎሮሮኽን ላሽዩ ብዕልልታ

ንዘየለ ተስፉ ንዘይትግበር ቃላት

ንዕግርግ ንዝቕዝፍ ሂወት

እሞማ ልቢ ኣዕብያ ሓጉሻ ጎረቤት

ንዙይስ ኢልክነኦ ንሱ ንሕና

የንሽራትት ኣሎ በላ ሕዚ እንታይ ትኾና

ንስኽን ቀሪኽን ውረሳ ጥዕና

ትዕቢትክን ኣቕልላ ኣይተብዛሓ ጓና

ብርሃነ እየ

ኖርዎይ